ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም3ይ ፍርቂ ዓመት ብናይ መደበኛ በጀት መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ኣቅሑ ፅሬት ፣ ስራሕቲ ሕትመት ፣መለዋዋጢ ኣቅሑ ሞተር ሳይክል፣ ንቤት ፅሕፈት ፖሊስ ግልጋሎት ትውዕል ሞተር ሳይክል፣ ካብ መቐለ ናብ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ሲሚንቶ ምጉዕዓዝ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ከሐትምን ከጋዓዓዝን ይደሊ።ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 23, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 7, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሉቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:ኣስገለ ፅምብላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 7, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፈቃድ ዘለኩም ግብሪ መንግስቲ ከፊሉ ናይ 2011 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዝሐደሰ መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ዘለኩምን፤

2 ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበ ዝሐደሰን፤

3 ብዘይካ ኣብ ኣቅሑ ፅሬት ኣብ ተወሳኪ እስት ታክስ ተመዝጋቢ ኮይኖም ናይ ወርሒ ለካቲት/ጥሪ 2011 ዓ/ም ዝከፈልሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእል፤

4 ኩሉ ዝተሐተተ መረድእታ ዋናን ቅዳሕን ከቅርቡ ዝክእሉ ዝተማልአ ሰነድ ጨረታ ብፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል፤

5 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ናይ ጨረታ ዉሕስና ወይ መከበሪ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ንመሳርሒ ህንፃ፣ ንመለዋወጢ ኣቅሑ ሞተር ሳይክል ንሞተር ሳይክል 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ቅርሺ ንስራሕቲ ሕትመት ንኣቅሑ ፅሬት፣ ንሲሚንቶ ምጉዕዓዝ ደማ እትወዳደሩ ድማ 3000.00 (ሰለስተ ሽሕ) ቅርሺ ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል፤

6 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ንሕድሕድ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ከይዲ ስረሕ ዕደጋ ፋይናስን ንብረት ምምሕዳርን ብምዉሳድ ናይ ዋጋ ዝርዝር መሊኦም ኣብ ከይዲ ስራሕ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣታዊ ክትገብሩ ይግባእ።

7 ጨረታ ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐሉ ካብ 20/07/2011 ዓ/ም ክሳብ 07/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኣብ ዘሎ ማዓልቲታት ኮይኑ ጨረታ ሳንዱቅ ዝዕፀወሉ ድማ 07/08/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ብግልፂ ይክፈት፤

8 እቲ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ንተከታታሊ 50 መዓልቲ ኮይኑ ሰዓራይ ዝኮነ መቅረባይ ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተዉሃበ መዓልቲ ፅሬት ዘለዎ ንብረት ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ከተማ ዳባጎና ባዕሉ ኣጎዓዒዙ ኣታዊ ክገብር ዝክእል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8 እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዘቀረበ ንብረት 20 ሚኢታዊ ናይ ምውሳክ ወይ ምንካይ መሰል ኣለዎ።

8 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ፡

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0346-610255 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle